# ኤርትራውነት ፍቕሪዩ

ኤርትራውነት፡ ብብዙሕ መንገዲ ክግለጽ ይክኣል። እቲ ብዙሕ መንገድታት ግን ናብ ሓደ ምዕራፍ ክበጽሕ ክኽእል ኣለዎ፣ ኤርትራውነት። መኣዛን ሽታን፡ ዓንድን ሰርወን፡ ስጋኡን ደሙን፡ ኮታ ትንፋሱን ህያውነቱን ናብ ኤርትራውነት ዝመርሕ መንገዲ፡ ናይ ተጓዓዝቲ ሓድ-ሕዳዊ ፍቕርን ሓልዮትን ዝዓሰሎ ኢዩ። ስለዚ፡ ኤርትራውነት ሃገራዊ ፍቕርን ሓልዮትን ኢዩ።

ዝተገድዐ ጎኒ፡ ከይስጉም ዝደኸመ ብርኪ፡ ዝተሸገረ መንብሮን ባይታ ክዘብጥ ዝደለየ ሞራልን፡ ብተግባር ዘተባብዖን ተስፋ ዝህቦ ተበግሶን የማዕዱ። ባይታን ዘርእን ናይ`ዚ ድማ ኤርትራውነት`ዩ። እዚ ክንብል ከለና ንስለ ክለሳ ሓሳብ ምትንታን ኣይኮነን። ብርኡይ ዝተፈጸን ዝፍጸም ዘሎን ስለዝኾነ። ንጹጉም ወገኖም ብፍቕርን ብሓቦን ድጋፎም ካብ ምውፋይ ዘይበኹሩ ኤትራውያን ኣለዉ።

ነታ እንደገና ዘይትምለስ ሂወቶም ንስለ ነጻነት ኤርትራ ዝውፈይዋ ኣሽሓት እዮም። ዕዙዝ ኤርትራዊ ፍቕርን ክብርን እንተዘይነብር፡ ንናጽነት ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣይምተበገሰን፣ መስዋእቲ እውን ኣይምተኸፍለን። እንተኾነ ንስለ ኤርትራዊ ፍቕሪን ክብርን መስዋእቲ ሓላል ኢዩ ኢልና ተሰሊፍና። ገለ ብሂወት ተሪፍና፡ ወይ ዋላ መውጋእትን ስንክልናን እንተጋጠመና፡ ናብራና እነካየድ፡ ዝወለድና ዝዘመድና ኣዚና ብዙሓት ኣለና። ኣብ ጎኒና ንጸላኢ ግምባሩ እናጨርገዱ ዝወደቑ፡ ዝተሰውኡን ብርቱዕ ስንክልና ወሪድዎም ብሂወት ዝተረፉን ኣዝዮም ብዙሓት ኣለዉና። ውጉኣት ሓርነት! ኣካለ-ጽጉማን! ስንኩላን... ንብሎም። ነዚኣቶም፡ ኣብ ዝሃለዉ ይሃልዉ፡ ሓንቲ ሚእታዊት ናይ ጊዜናን ገንዘብናን ክነወፍየሎም ንኤርትራውነትና ዘንጸባርቕ ተወፋይነት ኢዩ።

እወ፡ ኤርትራዊ ሓርበኝነት ፍቕሪ`ዩ ዝጎስዕ። ኤርትራዊነት ድማ ንኹሎም ኤርትራውያን፡ ሃይማኖቶም፡ መበቆሎም/ዘርኦም፡ ናይ ፖለቲካዊ ኣራኣእያ እምነቶም ብዘየገድስ፡ ዝተገድዐ ጎኖም ባላን ምርኩስን ምዃን ማለት ኢዩ።

**ዝኸበርኩም ኣሕዋትን ኣሓትን ኤርትራውያን፡**

ኣብ ከሰላ፡ ብመደበር ውጉኣት ሓርነት ዝፍለጡ ስንኩላት ኤርትራውያን ኣለዉ። ንብዙሓት እዚ ሓዱሽ ሓበሬታ ኣይኮነን። ኣብ ከባቢ ከሰላ-ሱዳን ይኹን ኣብ ካልእ ክፍለ-ዓለማት ዝነብሩ ሓርበኞታት ኤርትራውያን፡ እዚ መደበር`ዚ ካብ ዝምስረት ኣትሒዞም፡ ጊዜኦምን ገንዘቦምን ከየብኮሩሉ ዝውፈዩ ኣዝዮም ብዙሓት ኣለዉ። ክዳውንቶም ብምሕጻብ፡ መግቢ ብምድላው፡ ሓሚሞም እንክውጽዑ ካብ ትርኣሶም ዘይፍልያ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ምህላወን ከይተዘከረ ዝሓልፍ ኣይኮነን። እዚ ኤርትራዊ ሓርበኝነት ፍቕርን`ዚ ክቡር ኢዩ።

ከምኡ`ውን፡ ኣብ ዝሓለፈ ናይ 2008ን 2009ን ዓመታዊ ባጀት ንምርካብ ኣብ ዝተገብረ ናይ ገንዘብ ወፈያ፡ ዝንኣድን ዝምስገንን ገንዘባዊ ውጽኢት ዝለገስኩም ምህላውኩም ብኽብሪ ንዝክር። ሕጂ`ውን ከም ናይ ወትሩ፡ ንልግስኹም ብትሕትና ንጽውዕ።

እዚ ልግስን ደገፍን`ዚ ቀጻሊ ኢዩ። ስለዝኾነ፡ ሎሚ`ውን ከምቲ ናይ ኩሉ-ሳዕ፡ ኤርትራዊ ሓቦኹምን ኤርትራዊ ወኒኹምን ከይፍለየና ብትሕትና ንላበወኩም። ነዚ ዓመት`ዚ ዝኸውን ባጀት ጌና ኣይተረኽበን። ምስጋና ይኹኖም ኤውሮጳ፡ ብህጹጽ ዘዋጽእዎ $10,000.00 ክሳብ ወርሒ መጋቢት 2011 ዝኸውን ሊኢኾም ኣለዎ። ካብኡ ንዳሓር ግን ንመደበር ውጉኣት ሓርነት ከሰላ ዝኸውን ባጀት የለን። ህጸት ናይ ጻዋኢትና ርዱእ`ዩ። ህጸት ናይ ምርደኦም ከኣ ጊዜ ዝህብ ኣይኮነን።

ቅርሺ ኣብ መዓልቲ፡ ኣብ ዓመት $365.00 ኢዩ። ሓሙሳ ሳንቲም ኣብ መዓልቲ`ውን ኣብ ዓመት $182.50 ጥራሕ ክኸውን ከሎ ዋላ ብዝተሓተ ደረጃ 25 ሳንቲም ኣብ መዓልቲ፡ ኣብ ዓመት $91.25 ይኸውን። ንኣከለ-ጽጉማና፡ ነዚ ንኡስ ዓቕሚ`ዚ ከንነፍግ ኣይግባኣናን። ስለዘይግባኣና፡ ካብ መጋቢት ንዳሓር ዝኸውን ባጀቶም ክንክእል፡ ደጊምና ንጽውዕ።

የቐንየልና

ኣካየዲት ቦርድ

ኣድራሻና፡

**Association of Disabled Eritreans**
**In North America (ADENA)**
**P.O.Box 271149**
**Louisville, CO. 80027**